**Ass. of Disabled Eritreans** **Ass. Erythréenne d'Invalides**

**ADE** **A.E.I.**

# ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን። ዕለት 20.07.2006

ናብ ዝኸበርኩም ኣባላት 6ይ ጉባኤን ዝኸበርኩም ዑዱማትን።

ብስም ምምሕዳር ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ብስመይን፤ ኰይነ፤ ዕዙዝ ሰላምታይ ኤቕርበልኩም። ኣብዚ ናይ ሎሚ ታሪኻውን ናይ ለውጢ ዝኾነ ጉባኤ ተኻፊልና መልእኽቲ ማሕበርና ንኸነሓላልፍ ዝተፈቕደልና ዕድል ከኣ ድርብ ምስጋናና ነቕርብ። ጉባኤኩም ጉባኤና፤ ማሕበርና ከኣ ማሕበርኩም ስለዝኾነ፤ 6ይ ጉባኤ፤ ተስፋ ሃገር ዝሰኾዕን፤.. .. ናይ ቓልስን ናይ ዓወትን ማዕጾታት ብብሩህ ዘነጽርን፤.. ናይ ሃገራውያን ዲሞክራስያዋውያን ሓይልታት ጥርናፈ ውሁብ ዘግብርን ውሳኔታት ተሊሙ ብዘደንቕ ዓወት ከምዝድምድም ከኣ ኣይንጠራጠርን ኢና። እንቛዕ ከኣ ኣብዚ ታሪኻዊ ጉባኤ እዚ ኣብጽሓና። ብምቕጻል ከኣ በዘን ዝስዕባ ሓጸርቲ ነጥብታት ጌርና ምስ ማሕበርና ከነላልየኩም ኣፍቁዱልና፤..

ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለጽጉማን ብ2002 ዓ.ም. ኣብ ሃገር ፈረንሳ ብዕሊ ተመስሪቱ፤ ብ2005 ዓ.ም. ከኣ ቀዳማይ ጉባኤኡ ኣብ ሃገር ጀርመን ከተማ ፍራንክ-ፎርት ደምዲሙ። መድረኻዊ መደብ- ዕዮኡ ሓንጺጹ፤ ዝተመርጸት ሓዳስ ምምሕዳር ማሕበር ከኣ፤ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለም ኰይና ማሕበራዊ ስራሓታ ከተሳልጥ ጸኒሓን ኣላን።

ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን እዘን ዝስዕባ ቀንዲ ረቛሒታት ዘማልኤ ማሕበር ኢዩ።

- እቲ ማሕበር ፖለቲካዊ ማሕበር ኣይኰነን፤ እንታይ ደኣ ሰብኣውን ሕብረተ-ሰባውን ማሕበር ኢዩ።
- እቲ ማሕበር ነጻ ማሕበር ኣብ ርእሲ ምኳኑ፤ ናይ መኸሰብ ማሕበር ከኣ ኣይኰነን።
- እቲ ማሕበር ናይ ኩሎም ብወግእን፥ ብሓደጋን፥ ብተፈጥሮን፥ ኣካሎም ዝጕደሉ ኤርትራውያን፤ ማሕበር ኢዩ።
- እቲ ማሕበር ተሓባባራይን ኣባልን ዝብሃሉ 2 ክፍልታት ይርከቦ፤ ብተወሳኺ ወጻእተኛታት ኣብቲ ናይ ተሓባባራይ ክፍሊ ተሰሪዖም ክሳተፉ መሰል ኣለዎም።
- ብሰንኪ ኣካለ - ሕጽረት ንዘጓነፎ ናይ ጥዕና- ምስኣን ሃለዋት ንምፍታሕን፤ ዝሓሸ ናብራ ንኽህልዎም ዝጽዕርን፤ ማሕበር ከኣ ኢዩ።
- እቲ ማሕበር ኣብ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣብ ኩሉ ናይ ሃገራዊ ስራሓትን፤ ማእቶታትን፤ ምምሕዳራዊ - ኣገልጉሎትን፤ ብምክፋል፤ ዓቕሙ ብዘፍቅዶ፤ ከፍርን፤.. ሕጋዊ መሰላቱ ንኽሕለወሉ ከኣ ዝቃለስን፤.. ማሕበር ኢዩ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፤ ቕዱስን ናይ ሓባር ዕላማን እዚ ንምስልሳል፤ ቅድሚ ሕጂ ብኣባላትን ትካላትን ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ሰ/ባይቶ ዝተገብረልና ናይ ምትሕግጋዝ ተግባራት እንዳኣመጎስና፤ 6ይ ጉባኤ ሓጋዚ መስኮት ከምዝኸፍት ከኣ ንተኣማመን ኢና። ብካልእ ሰነኽ ከኣ ብዘይ ምህናጽ ዲሞክርራስያዊ ስርዓት ዝግበር ህዝባዊ ለውጢ ስለዘየለ ኣብ እትገብርዎ ዲሞክራስያዊ ውሳኔታት፥ ፤ ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ደጋፍን ተሓላቕን ከምዝኾና ነረጋግጸልኩም።

የቐንየልና፤

ዓወት ን6ይ ሃ/ጉባኤ ከኣ ንምነ።

ስለ ምምሕዳር ናይ ኤርትራ ማሕበር ኣካለ-ጽጉማን።
ኣፈወርቂ ኣባይ